ሰንበት ዘጰራቅሊጦስ

2004 ዓ.ም. (6/3/2012)

መዝሙር፡ “ይትፈሣሕ ሰማይ ወትትሓሰይ ምድር. . . .

ንባባት፡ ገላ. 5፡16-25፣ 1ጴጥ. 1፡1-5፣ ግ.ሓ. 2፡1-11፣ ዮሓ. 15፡26-27’ 16፡12-15።

ስብከት፡

1. ወመንፈስከ ቅዱስ ኢታውጽእ እም ላዕሌየ እስየኒ ፍሥሓ ወአድኅኖተከ ወመንፈሰ ዓዚዝ አጽንዓኒ” “ቅዱስ መንፈስካውን አይተግድፈኒ፣ ሓጎስ መድኀንካ ምለሰለይ፣ ፈትየ ክእዘዘካ ደግፈኒ” መዝ. 51፡11~12.

2. “ዛቲ ዕለት እንተ ገብረ እግዚአብሔር፣ ንትፈሳህ ወንትሓሰይ ባቲ፣ ኦእግዚኦ አድኅንሶ” “እታ እግዚአብሔር ዝገበራ መዓልቲ እዚኣ እያ፣ ብእኣ ንተሓጎስን ባህ ይበለናን፣ ኦእግዚኦ ኣዓውተና” መዝ. 118፡24

ጰራቅሊጦስ ወትሩ ብሰንበት እዩ ዝውዕል ካብ ጥንቲ ዝጸንሔ ብዓል እዩ፣ ካብ በዓል ጴራቅሊጦስ ካሳብ ሰነ 17 ዘሎ የጠቓልል። 5ተ ሰናብቲ ኀዙ ይርከብ፣ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ አብ ልዕሊ ሓዋርያት የዘኻኽረና።

ግ.ሓ. ከምዝሕብረና ብሓንሳብ ተአኪቦም እንከለዉ አብ ጽርሓ ጽዮን እሞ ማርያም አብ ማእከሎም እንከላ መንፈስ ቅዱስ ብአምሳል ልሳን ሓዊ አብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፎም ከምዝወረደ ነንብብ።

ንቀዳሞት ሰባት እንታይ ኮን ብሓንሳብ ከምዝኾኑ ይገብሮም ነሩ? ሓዊ ደኾን? ከም ኩሎም ፍጡራት ቀዳሞት ወለድና ካብ ሓዊ ይፈርሁ ነሮም ይኾኑ። ሓዊ የቃጽል ምስ ነደድካ ብርቱዕ ቃንዛ አልኦ ከምኡ አብ ሞት ከብጽሕ ይኽአል። አብ ገለ እዋን ብሓዊ ዝመጽእ ጥፍአት ከቢድ እዩ። አብዚ ዘሎናዮ ሃገር አብ እዋን ሓጋይ ብባርዕ ሓዊ ክንደይ ዱርን ንብረትን ከምዝጠፍእ ዓመት ዓመት ንርኢ። ብኻልእ ክንርእዮ ከሎና ቀዳሞት ወለድና ጥቕሚ ሓዊ ክፈልጡ ክኢሎም። ሥጋ ብሓዊ ክጥበስ እንከሎ ክትበልዖ ቀሊልን ጥዑም ይኸውን። ሓዊ አብ እዋን ብርቱዕ ቍሪ ምቕት ይህብ። ሓዊ አብ ጸልማት እዋን ብርሃን ይህብ። ጸላኢ መብርሃቲ እንተሎ ከጥቅዕ አይክእልን እዩ ስለዚ ካብ ጸላእቲ ይሕልወና።

ብኻልእ መልክዕ ክንርእዮ ከሎና ሓዊ ጥቕምታት አልኦ። ሓዊ ሓድነት ይፈጥር። ስድራ ብሓንሳብ አብ መጋርያ አኽቢቦም ክስሕኑ እንከለዉ ሓድነት አሎ። አብ እዋን ጸሊም ክረምቲ መጋርያ አጕድካ ምስሓን ብፍላይ አብ ሃገረሰብ ክንደይ ጥዑም ምኺኑ ኩልና እንዝክሮ እዩ። ብሓጺሩ ሓዊ ብብዙሕ መገዲ ይጠቕመናን በቲ ካብኡ ዝርከብ ናብ ዝለዓለ ትርጉም ክንርኢ ንኽእል። አብ ልዕሊ ሓዋርያት ዝዓለበ መንፈስ ቅዱስ ብአምሳል ሓዊ ክወርድ እንከሎ ነዚ ትርጉም ሒዙ እዩ ዓሊቡ።

አብ ብሉይ ኪዳን ናይ እግዚአብሔር ህላዌ ብሓዊ ከም ዝግለጽ ዝነበረ አብ ብዙሕ ተጠቒሱ ንረኽቦ። ሙሴ ዝነድድ ሓዊ አብ ደብረ ሲና ከምዝርኤ እሞ አብኡ ድምጹ እግዚአብሔር ከምዝሰምዔ ነንብብ። ብአምሳሉ አብ ጽርሓ ጽዮን መንፈስ ቅዱስ ነቲ ብራዕድን ፍርሕን መሊኡ ዝነበረ ልቢ ሓዋርያት ብትብዓትን እምነትን ከም ዝቃጸል ከም ዝገበሮ ንርኢ።

ሓዋርያት አብ ጽርኃ ጽዮን ብሓንሳብ እንከለዉ መንፈስ ቅዱስ አብ ልዕሊኦም ምስ ወረደ አብ እምነቶምን አብ ኩሉ ተግባራቶም ዘምጽኦ ተሓድሶ ክንርኢ ከሎና ነዚ ዝስዕብ ሓሳብት ክንርኢን ክንዕዘብን ንኽእል።

- **ሓድነት መሰረት ናይ ኩሉ እዩ።** እቶም ሓውርያት ብሓደ አብ ሓደ ገዛ ኮይኖም ንኹሉ ብሓበራ ይርእይዎ ነሮም። ብሓንሳብ ስለ ዝነበሩ ምጽንናዕ ከምኡ ቅድሚት ክርእዩ እሞ ንሓዲስ ጉዕዞ ክጅምሩ ሓጊዝዎም። ብሓደ ምስኮኑ ኢየሱስ ዝሃቦም ተስፋ ክኣምኑ ክኢሎም። ብሓደ ምስ ኮኑ ካብ ሓደ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን ስለ ዝተኻፈሉ ንሓደ ዓላማ ክወፍሩ ክኢሎም።

- **ብሓደ ኮይኖም ይጽልዩ ነሮም።** አኽባኦም ናይ ጸሎት ናይ ተስፋ ኣኽባ እዩ ነሩ። ማርያም አደ ኢየሱስ አብ ማእከሎም ገሮም ብሓደ ልቢ ይጽልዩ ነሮም። ነቲ ኢየሱስ ዝሃቦም ተስፋ ልቦም ከፊቶም እናጸለዩ ይጽበዩ ነሮም። ጸሎት ብተስፋን እምነትን ተሰንዩ ክግበር እንከሎ አብ አምላኽ የቕርበና።

- **ብመንፈስ ቅዱስ መሊኦም ነቲ ሓቂ ብዛዕባ ኢየሱስ ክሰብኩ ጀሚሮም።** በቲ አጋጣሚ አብ ኢየሩሳሌም ንብዓል ኢሎም መጺኦም ዝነበሩ ነዚ ዘሓጉስ ሰናይ ዜና ናይ ሓዲስ ሕጊ ፍቕሪ ብኢየሱስ ዝተነግረ ሰሚዖሞ። ብዙሓት መንፈሳውያን ጸሓፍቲ ነዚ ክትርጉሙ ከለዉ ነዚ ከም ምስክር እታ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ንኹሎም አሕዛብ ዓለም አብ ኩሉ ጊዜን ቦታን ከም ዝሰበኽት ዝሕብር እዩ ይብሉ።

ቅዱስ ጳውሎስ አብ ሰብ ገላትያ አብ ዝጸሓፉ **"ብመንፈስ ንበሩ"** ይብለና። ነፍስወከፍና ብእምነት አብ ክርስቶስ ዝሓበርና ነዚ ሓዲስ ፍጥረት ገሩና ዘሎ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበልናዮ አብ ኩሉ ዕለታዊ ሕይወትና፤ ስራሕናን አብ ኩሉ ግብርናን ክንምስክሮ ይግብኣና። መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበለ ሕይወት አብ ዝኾነ ክፍአት አይወድቅን እዩ። ብፍረ መንፈስ ቅዱስ ዝመልኤ ሕይወት አብኡ ዝርከብ ፍረ ክጠቅስ እንከሎ፤ ፍቕሪ፥ ሓጎስ ሰላም ትዕግስቲ ልግሲ ሕያውነት እሙን ምኻን ለውሃት ርእስኻ ምግታእ ከምዝርከብ ይነግር። ነዚ ዝለበሰ ሕይወት ክምስክር ጸገም የብሉን።

ቤተ ክርስትያን ብመንፈስ ቅዱስ ስለ እትምራሕ ሓይልታት ሲኦል አይክንቕንቕዋን እዮም ምናልባት ከጸግምዋ ይኽእሉ እዮም ጨሪሾም ግን አይከሽንፍዋን እዮም። እዚ ዝሓለፈ ክልተ ሽሕ እመት ነዚ እዩ ዘረጋግጸልና። ሎሚ ብዓል ጸራቅሊጦስ ዘኪርና ክነብዕል ከሎና አብ ሕይወትና ክንርእዮ ዝግብኣና ነገራት አሎ።

1. **ብሓዲስ መንፈስ ቅዱስ ክንቅበል ፍቓደኛታት ንኹን።** አብ መዓልታዊ ሕይወትና መንፈስ አምላኽ ለቢስና ሓውናን ሓፍትናን አባና ንአምላኽ ክርእዩ እሞ አብ መገዲ ሓቂ ክንምለስ ፍቓደኛታት ክንከውን። ሎሚ ልብና ንአምላኽ ክፉት ንግበሮ አብ ሕይወትናን ናብራናን አምላኽ ክነግስ ፍቓደኛታት ንኹን።

2. **ንአምላኽ ክንልኣኽ ፍቓደኛታት ንኹን።** አምላኽ ሎሚ ዝልኣኽዎ እሞ ንሰባት ተኸተልቱ ዝገብሩ ዝልኣኹ ይደሊ አሎ። መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበለ ሰብ ክልኣኽ ክምስክር ግድነት እዩ። ኩልና አብ ግላውን ሓባራውን ሕይወትና ልኡኻት ክንከውን ፍቓደኛታት ንኹን። ልኡኽ ክተብጽሕ ሓላፍነት ክትለብስ ግድን እዩ። ንልኣኺ አምላኽ ኩሉ ጊዜ ድላዩ ምግባር አብጻሕቲ ልኡኽ አምላኽ ይገብረና።

3. **አብ መልእኽቲ አምላኽ አብ እነብጽሓሉ ጊዜ ማርያም አብ መንጎና ክንገብራ ከሎና ምልኣት አልኦ።** ንሳ ንልኡኽ አምላኽ ሕራይ ኢላ አብ ግብሪ ዘብጽሔት። አብ ጽራሓ ጽዮን ነታ ቀዳመይቲ ማሕበር ክትልእኽ ዘሰናደውት እያ። ንነፍስወከፍና ወደይ ዝበለኩም ግበሩ እናበለት ንድላይ አምላኽ ክነብጽሕ ክንፍጽም ትነግረና። ማርያም መንፈስ ቅዱስ አብ ሕይወታ ዝለበሰት እያ ጣዕሙን እንታይነቱን አጸቢቓ ስለ እትፈልጥ ኩልና አሰራ ክንከተል እንከሎና ጉዕዞና ዓወት አለዎ። ማርያም ዘይብሉ ሕይወት ክርስትና ጎደሎ እዩ እሞ ንማርያም አብ መንጎና ንግበራ።

4. **ሕይወትና ብጸሎት ክልለ ይግባእ።** ጸሎት ዝገብር አምላኽ ምስኡ አሎ። አብ መዓልታዊ ሕይወትና ንጸሎት ፍሉይ ጊዜ ክንህቦ እሞ ምስ አምላኽ ተዛሪብና ክንክእል ይግብኣና። ብፍሉይ ነቲ መራሕ ይሕወትና መንፈስ ቅዱስ አብ ኩሉ ሕይወትና ንሓቂ እንምስክር ንአምላኽ እንፈቱ ክገብረና ዕለት ዕለት ክንልምኖ ሎሚ እዋኑ እዩ። ንፍሉይ ጸጋ ክንሓትት ሎሚ መዓልቱ እዩ።

በዓለ ጸራቅሎጦስ እምብኣር አብ ሕይወትና ተሓድሶ አብ እምነትና ጽንዓት ከውርድ ኢና እነብዕሎ ዘሎና። አብ ቤተ ክርስትያና ከምኡ አብ ዓለምናን ሃገርና መንፈስ ቅዱስ ንኹልና በቲ ዘሎና ሓልፍነትን ተልእኮን ንአምላኽ ህያው ክንገብሮ። ሎሚ ኢየሱስ መድኃኒና አርድእቱይ ንስኹም ኢኹም ስበኹኒ መስክሩኒ ተለኣኹኒ እናበለ ንነፍስወከፍና መብጽዓ ሕይወትና ክነሓድሶ እሞ አብ ግራት አምላኽ ወፊርና አፍረይቲ ኮና ክንርከብ። አብ መንጎና ፍቕርን ሰላምን መለልይና ክኸውን ክንጽሊ ይግብኣና።

ኦመንፈስ ቅዱስ ኦቦና ሎሚ እውን አብ መንጎና ሓዲርካ እምነትና ሓድሰልና አብ እዋን ፈተናን ባዕ ልና ብእንፈጥሮ ጸገማትን ርድኣና። ንቤተ ክርስትያንካ ዘድልያ ኩሉ ሃባ ብፍላይ ነቶም ልኡኻትካ ጸጋኻ አብዝሓሎም ብልብና ንልምነካ አሎና ስምዓና።

ርሑስ በዓለ ጸራቅሊጦስ 2004 ዓ.ም.

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ